## መን እዩ ናይ MMR ወይካዓ ናይ ንፍዮ ኽትባት ከወስድ ዘይብሉ?

- ንፀረ-ሕዋሳት/ኣንቲባዮቲክስ neomycin ቁጡዕ ኣካል ዘለዎም
- ጥንስቲ ዝኾነት ወይካዓ ኽትባት ወሲዳ ብሓደ ወርሒ ውሽጢ ናይ ምጥናስ ዕላማ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ
- ዝኾነ ሕማም ዘለዎን ሕክምና መድሃኒት ከም ኮርቲሶን/cortisone ወይካዓ ፕረደኒሶሎን/prednisolone ነቲ ሕማም መከላኸሊ ኣቅሚ ኣሰራርሓ ከዳኽሙ ስለዝኽእሉ።
- ዝኾነ ሰብ ብዛያል ቁስሊ/ኢንፌክሽን ዝሰቃይ እንተኾይኑ።

## ንዝበለፀ መረዳእታ

- ምስ ሓኪምካ መምይያጥ
- ኣብከባቢኻ ዝርከብ ናይ መንግስቲ ጥዕና ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ምሕታት
- ናይ ኣዶን ሕፃን ሓለዋ ጥዕና ክሊኒክ ነርሲ ምሕታት
- ናይ ስድራ ፕላኒግ ክሊኒካት መረዳእታ ኣለዎም
- ኣብ ቪክቶሪያ መንግሥቲ ናይ ሕማም መከላኸሊ ክፍሊ፧ ስልክ ቁፅሪ 1300 882 008 ወይካዓ ብዌብሳይት፡ www.health.vic.gov.au/immunisation
- ናይ ንፍዮ ትምህርቲ ሠራሕተኛ፧ ናይ ዴፍነስ ፋውንዴሽን/ Deafness Foundation
  ስልኪ ቑፅሪ [03] 9887 8683
  ኢሜል፡ rubella@deafness.org.au
  ዌብሳይት፡ www.deafness.org.au

## ብቋንቋ ዝተተርጎሙ

እዚ ንኡሽቶ ጥረዝ ብካልኦት ናይ ማሕበረሰብ ቋንቋታት ኣብ ዴፍነስ ፋውንዴሽን(Deafness Foundation) ይርከብ እዩ። ናይ ቋንቋ ሓገዝ ብናጻ 13 1450 ብምድዋል ብናይ ትርጉም ኣገልግሎት (TIS) ከርከብ ይኽእል እዩ።

# Rubella



Deafness Foundation

*Published by*
*DEAFNESS FOUNDATION*
*(VICTORIA)*
*P.O. Box 42, Nunawading 3131.*
*Telephone (03) 9887 8683 Fax (03) 9887 8848*
*E.mail rubella@deafness.org.au*
*Web site www.deafness.org.au*

*Publication sponsored as a community service by:*

GlaxoSmithKline

*Endorsed by Immunisation Unit,*
*State Government of Victoria*

*February 2005*
*Project CSLV 2100.5.00*

*Tigrinya*

# Rubella

ኣብ ማሕበረሰብ ዝዘለው ሰብ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓቃዊ ጽሑፍ ከኸውን እንከሎ ብፍላይንኣጓላትን ንደቂኣንስትዮ ውላድ ኣብዝነብረን ዕድመ ይኸውን



ኣብ ማሕበረሰብ ውሽጢ ዝለዉ ሰባት ኣገዳሲ ዝኾኑ ሓቅታት

Rubella

# ንፍዮ(rubella) እንታይ እዩ

ንፍዮ [ከምኡውን ናይ ጀርመን ንፍዮ ይብሃል] ብጣዕሚ ሓያልን ብቫይረስ ዘመፅእ/ዝመሓሕለፍ ሕማም እንተኸውን ኣብቆልዑት ዝተለመደ ይኹን እምበር ንዝዓበዩ መናእሰይን ዓበይቲን ሰባት ከብከል ይኽእል እዩ። ምልክት ኣየርእይን ወይካዓ ብዙሕ ግዜ ቁሩብ ረስኒ፣ ፅኪ ምሕባጥ፣ ናይ መጋጠሚ ቃንዛ ከምኡውን ኣብ ከሳድን ገፅን ሽፍ ዝበለ ነገር ካብ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልቲ ዘፀንሕ ንኽወፅእ ምኽንያት ይኸውን። ኩሉሻብ ምድሓን ፍቱንን ቁልጡፍን እዩ።

ደቀ ኣንስትዮ ኣብናይ መጀመርታ 20 ሰሙን ጥንሲ በዚ ሕማም እንተተታሒዘን ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ። እዙይ እውን ኣፍቲ ዝውለድ ማመይ ከቢድ ሽግር የምፅእ ማለት ምፅርማምን፣ ምዕዋርን፣ ልቢ ሕማምን፣ ዓእምሮ ጉድለትን ከምፅእ ይኽእል። እዚ ኩነታ ክርኣይ እንከሎ ንፍዮ(CRS) ካብ መፋጥርቲ ዝመፀ ይብሃል።

## ንፍዮ ከመይ ከስፍሕፋሕ ይኽእል?

ከምጉንፋዕ ብተመሳሳሊ መንገዲ ንፍዮ እውን ይመሓሕለፍ እዩ ዝሓመመ ሰብ ከስዕልን ከሕንጥስን እንከሎ ከሓልፍ ይኽእል እዩ። ብዙሕ ግዜ ናይ ንፍዮ ምልከት ክርኣይ ክልተ ሰሙናት ዝኸውን ክወስድ እንከሎ ሰባት እቲ ሕማም ንምንባሩ አይፈልጡን እዮም። ኣብዚ እዋን ነቲ ሕማም ንካልኦት ሰባት ከማሓሕልፍዎ ይኽእሉ፣ እዚ'ውን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዘላ ነብሰፁር እሞ ኽትባት እንተዘይወሲዳ። **ዘይተወልደ ማማይ ናብ ሓደጋ ዝቃላዓሉ ኣብ መጀመርታ ጥንሲ እዋን እዩ።**

## ንፍዮ መን እዩ ዝሕዞ?

ቀድም ሕጂ እቲ ሕማም ዘይነበር፣ ኽትባት ዘይወሰደ ወይካዓ ብዝኾነ ምክንያት ናይ ሕማም መከላኸሊ ኣቅሚ ዝጎደሎ ሰብ ከትሓዝ ይኽእል። ብዙሕ ግዜ ኽትባት ምውሳድ ሕማም ይከላኸለልካ ግናስ ካብ 5-10% ሕማም መከላኸሊ ዝወሰዱ ሰባት ንፍዮ ክሕዞም ይኽእል ምክንያቱ ኣብ ነብሶም ብቑዕ ሕማም መከላኸሊ ስለዘይብሉ እዩ።

## ካብ መፋጠርቲ ዝመፅእ ንፍዮ ከመይ ክንኸላከል ንኽእል?

ንCRS **ንፍዮ ምክልኻል ይኻኣል!** ካብ ወሊድ ንዝመፅእ ዘይተለምደ ነገር ንምክልኻል ኩለን ኣንስትዮ ቀድሚ ምጥናሰን ናይ ንፍዮ ሕማም መከላኸሊ ምውሳደን ምርግጋፅ ፅቡቅ መንገዲ ይኸውን። ናይ ሕማም መከላኸሊ ወሲድካ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን ካብ ጥንሲ ምርሓቅ ይግባእ ከምኡውን ጥኑሳት ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ከሳብ ዝወልዳ ሕማም መከላኸሊ ክወስዳ የብለንን። ህፃውንቲ ኩሎም ሕማም መከላኸሊ እንተወሲዶም እቲ ሕማም በቲ ማሕበረሰብ ውሽጢ ከይባዛሕ ይጠቅም እዩ።

ኣውስትራሊያ ውሽጢ ህፃውንቲ ኩሎም ክልተ ዝተፈላለየ ኣቅን ዘለዎ ናይ MMR (ንፍዮ፣ ጀሮ ደገፍን ናይ ጀርመን ንፍዮ) ኽትባት ክወስዱ ይግበር እዩ። እቲ ሓደ ኽትባት ዝወሃቦ ኣብ 12 ወርሒ ዕድመ እንከሎ ከምኡውን ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ዕድመ እቲ ካልኣይ ይውሃብ እዩ። ኣወዳትን ኣጓላትን ኽትባት ክወስዱ ኣለዎም።
እዚ ብምግባር ካብ ሰለስተ ሕማማት ንምክልኻል እዩ።

ክሳብ ወይካዓ ብ1996 ዓ.ም ዝተወለዱ ሰባት ክልተ ግዘ ናይ MMR ሕማም መከላኸሊ ኽትባት ንምውሳዶም ከረጋግፁ ኣለዎም። እዞም ሰባት ብቐሊሉ ከሓሙን ናብ ካልኦት ሰባት እው'ን ሕማም ከመሓላልፋ ይኽእሉ እዮም። ከምኡውን ሕማም መከላኸሊ ኽትባት ክወስዱ ብምድፍፋር ንባእሎምን ማሕበረሰብን ንምክልኻል ይኻኣል እዩ።

ደቂኣንስትዮ ቀድሚ ምጥናሰን ናይ ምክልኻለን ኣቅሚ እኹል ምኳኑ ንምርግጋፅ ናይ ንፍዮ ደም መርመራ ምግባር የድልየን እዩ። ናይ ሕማም መከላኸሊ ኣቅሚ ውሑድ ወይካዓ እንተዘይሃሊዩ ናይ MMRን ናይ ንፍዮ ሕማም መከላኸሊ ኽትባት ብድጋመ ምውሳድ እዩ። ድሕሪ 6-8 ወርሒ መከላኸሊ ምውሳድኩም ዝበለፀ ናይ ደም መርመራ ብምግባር ናይ ቀዳማይ ኽትባት ምሥራሕ ዘይምስራሕ መርግጋፅ።

## መን እዩ መብዛሕትኡ ኣብ ሓደጋ ዝቃላዕ?

ደቂኣንስትዮን አጓላትን ኣብቆልዕነት ብተኸታታላይ ናይ ሕማም መከላኸሊ ኽትባት ዘይውሃበሉ ሃገረሰብ ዝተወልዳ እሞ ብፍላይ ናብ አውስትራሊያ ድሕሪ 4 ዓመት ዕድመ እንተመፂኣን ናይ ንፍዮ ሕማም መከላኸሊ ኽትባት የድልየን እዩ። ብፍላይ ካብ ኤሲያ ሃገረሰባት ዝተወልዳ ደቂኣንስትዮ ቀድሚ ምጥናሰን መከላኸሊ ስለዘይነበረን ናይ ንፍዮ ኽትባት ክወስዳ ይግደዳ እየን።

ኣብ ቆልዕነትካ ሕማም ንፍዮ እንተነበረካ'ውን ኣብድሓራይ ሕይወትካ ግዜ ንፍዮ ኣይሕዘካን ማለት ኣይኮነን። ሕማም ንምክልኻል ኣቅሚ ምንባሩ ንምርግጋፅ ቀድሚ ጥንሲ ናይ ደም መርመራ ምግባር የድልይ እዩ።

## ናይ ሕማም መከላኸሊ ኣበይ ይውሃብ?

ኣብ ከባቢ ዝርከብ ሐኪም፣ ስድራ ፕላኒግ ክሊኒክ፣ ኣብ ማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና ማእከል፣ ኣብ ከባቢ ዝርከብ ናይ መንግሥቲ ሕማም መከላኸሊ ኣገልግሎት ብምኻድ ሰባት ናይ ኚኽትባት ይውሃቦም እዩ።

## ከምፅኦ ዝኽእል ሳዕቤን

ናይ ንፍዮ/ጀሮ ደገፍ/ናይ ጀርመን ንፍዮ/MMR ኽትባት ምግርጫው/ከምፅኦ ዝኽእል ሳዕቤን ከራኣይ እንተሎ ኣብ ጥንስ እዋን ንፍዮ ዝነብሮ ምግርጫው ፍሉይ ኣይኮነን። ዳሓን ዘይምኳን፣ ቁርብ ረስኒ ብግምት ካብ6-11 ማዓልትታት እቲ መኸላከሊ ምስወሰዱ ዳሓር ሽፍ ዝበለ ክወፅእ ዝኽእል ምኳኑ ዝተለመደ ምግርጫው እዩ። ናይ ሕማም መከላኸሊ ዝወሰዱ ሰባት ንካልኦት ሕማም ኣይታሓላለፍን። በቲ ክትባት ምኽንያት ብጣዕሚ ሓደገኛ ዝኾኑ ምግርጫዎት ከምናይ ሓንጎል ምንዋፅ ዝኣምሰሉ ብጣዕሚ ዘይተለመደ እዩ፡ ምናልባሽ ካብ ሚሊዮን ዝወሰደ ሓደ ወይም ዝውሃደ ተኾነ እዩ። እቲ ጥቅምን ጉድኣትን ምስ ሓኪምካ መምይያጥ እዩ።